
# መሰል ክንክን ጥዕና፡

# Rätt till vård



ሓበሬታ ንሓተቲ ዑቕባን ብዘይ ናይ ፍቓድ ወረቐት ኣብ ሽወደን ትነብሩ ዘለኹምን።

Information för asylsökande och personer som är i Sverige utan tillstånd.

Översättning tigrinja/ትግርኛ




ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ ከም ኩላቶም ኣብ ሽወደን ዝነብሩ ቆልዑ ናይ ጥዕናን ሕክምናዊ ክንክንን፡ ክንክን ስንን ምሉእ መሰል ኣሎዎም።

Barn under 18 år har rätt till hälso- och sjukvård och tandvård på samma sätt som alla andra barn som bor i Sverige.



በጽሕታት(ዝኣኸሉ ሰባት) ድማ ክጽበዩ ከም ዘይክእሉ ብዶክተር፡ ብሓኪም ስኒ ወይ ዝምልከቶ ኣባል ሕክምና እንተ ተመስኪሩሎም ናይ ህጹጽ ሕክምና(ኢመርጀንሲ) ወይ ካልእ ክንክን ጥዕና መሰል ኣሎዎም። ንኣብነት ኣስጋኢ ሕማም ኩይኑ ንምክልኻሉ ፍሉይ ክንክን ዘድልዮ ወይ ክኣ ምክትታል ዘድልዮ ሕማም ክኸውን ይኽእል እዩ።

Vuxna har rätt till akut vård och vård som läkaren, tandläkaren eller annan ansvarig vårdpersonal bedömer inte kan vänta. Det är till exempel vård som kan förhindra mer allvarliga sjukdomar eller vård som behöver följas upp.



ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ወይ ምንቅስቓሳትካ ትጽገም እንተ ኼንካ'ሞ ክሕግዘካ ዝኽእል ነገር ዘድልየካ እንተ ኾይኑ፡ እሞ ድማ ከጽንሕ ወይ ከጸቢ ዘየኽእል ክንክን ዘድሊ እንተ ኾይኑ፡ንኣብነት ዓረብያ ስንኩላን(ዊልቸር) ወይ ድማ ንመራኸቢ ዝኸውን ነገር ክኸውን ይኽእል'ዩ።

Vård som inte kan vänta kan också vara behov av hjälpmedel om du har svårt att klara av vardagliga saker. Det kan till exempel vara en rullstol eller hjälp att kommunicera.



ብዛዕባ መከላኸሊ ጥንሲ ዝምልከት ናይ ምኽሪ ሓገዝን ኣየናይ ዓይነት ከምዝሕሸኪ ወይ ከም ዝሰማማዓኪ ሓሳብ ናይ ምርካብ መሰል ኣሎኪ።ከምኡ'ውን ካብ ቤት መሸጣ መድሃኒት ወይ እንዳ ድኳን ኮንዶም ክትገዝኡ ትኽእሉ ኢኹም።

Du har rätt till rådgivning om preventivmedel och att få förslag på den sort som passar bäst. Du kan också köpa kondomer på ett apotek eller i en mataffär.



ኣብ ግዜ ጥንሲ፡ ኣብ ግዜ ሕርስን ቆልዓ ምስ ተወልደን ክንክን ናይ ምርካብ መሰል ኣሎኪ።ናይ ክንክን ኣብ ግዜ ምንጻል ጥንስን ናይ ተሌፎን ሓገዝን መሰል ኣሎኪ።ጥንሲ ክትንጽልዮ እንተ ደሊኺ ክሳብ መበል ዓሰርተ ሸሞንተ ሰሙናት ዘሎ ግዜ ባዕልኺ ክትውስኒ ትኽእሊ ኢኺ።

Du har rätt till vård när du är gravid, under förlossning och efter att barnet är fött. Du har också rätt till vård vid abort och att få samtalsstöd. Du kan själv bestämma om du vill göra abort fram till vecka 18.



ብናጻ ንዝግበር ጥዕናዊ መርመራ'ውን መሰል ኣሎካ።ሓታቲ ዑቕባ እንተ ኾይኑ ናይ ጥዕናዊ መርመራ መጸዋዕታ ክስደደሉ እዩ።ኣብ ሽወደን ብዘይ ፍቓድ ዝነብሩ ሰባት ባዕላቶም ሕክምና ደልዮም ኣብ ዘመልከቱሉ ግዜ ጥራይ ዕድል ይውሃቦም።

Du har också rätt till en gratis hälsoundersökning. Asylsökande får en kallelse till undersökningen. Personer som är i Sverige utan tillstånd får ett erbjudande först när de själva söker vård.



ሽወደንኛ ንዘይክእሉ ዘበሉ ኲላቶም ናይ ተርጓሚ መሰል ኣሎዎም።ቈጸራ ክትሕዙ ከለኹም ተርጓሚ ከም ዘድልየኩም ሓብሩ ኢኹም።እቲ ዝምልከቶ ሰብ(ሰራሕተኛ) ድማ ተርጓሚ ክሕዘልኩም እዩ።ቈልዑን ኣዝማድን ከስተርጕሙ ኣይክእሉን እዮም።

Alla som inte kan svenska har rätt till tolk. Berätta att du behöver tolk när du bokar tid. Personalen bokar en tolk åt dig. Barn och släktingar ska inte tolka.



ሰብ ሞያ ጥዕናን ኣስተርጐምትን ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣሎዎም።ብዛዕባ ዝኾነ ጉዳይ ናትካ ዝምልከት ብዘይ ፍቓድካ ዝኾነ መግለጺ ወይ መብርሂ ክህቡ ኣይፍቀደሎምን እዩ።እቲ ንስኻ ትብሎ ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ጽልዋ ኣይክገብረሉን እዩ።

Vårdpersonal och tolkar har tystnadsplikt. De får inte berätta något om dig utan att du har godkänt det. Det du säger kommer inte att påverka din ansökan om asyl.



ሕክምና ደሊኹም ከተመልክቱ ከለኹም እታ "ካርዲ ሕገ ተቐባልነት ሓተቲ ዑቕባ (ኤልኤምኣ ካርድ)" ወይ ክኣ ዑቕባ ከም ዝሓተትኩም መረጋገጺ ወረቐት ከተርእዩ ኣለኩም።እቶም ኣብ ሽወደን ብዘይ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ትነብሩ ድማ መንነትኩም መነጸሪ ወይ መግለጺ ዝኸውን ናይ ወጻኢ ፓስፖርት ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።

När du söker vård ska du visa ditt LMA-kort eller kvitto på att du har sökt asyl. Du som är i Sverige utan tillstånd kan använda ett utländskt pass för att identifiera dig.

- C0231
- K8713
- M3112

ንመጀመርታ ግዜኹም ናብ ሕክምና ምስ ቀረብኩም ናይ መሕለውታ ቊጽሪ ክውሃበኩም እዩ።እታ ቊጽሪ ዓቅቡዋ። ናብ ሕክምና ክትቀርቡ ከለኹም ድማ ኲሉ ግዜ ምሳኻትኩም ተማልኡዋ።እቲ ዝምልከቶ ሰራሕተኛ ድማ ነታ ቊጽሪ ተጠቒሙ ቅድሚ ሕጂ ናብ ሕክምና ቀሪብኩምን ኣይቀረብኩምንን ከረጋግጽ እዩ።

Första gången du söker vård får du ett reservnummer. Du ska spara numret och ta med det varje gång du söker vård. Personalen använder reservnumret för att se om du fått vård tidigare.